# ንምዕጣቅ ምስራሕ

## ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ. ብምትንኻፍ ደም
## ብኤሊኖር ተርንቡል

ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ደምን ኣብ ካልኦት ፈሰስቲ ኣካላት ሰብነትን ይርከብ። ንኣብነት ኣብ ርሕሚ ዝርከብ ፈሳስን ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን። እዚ ቫይረስ ነቶም ኣብ ደም ዝርከቡ ብCD4 ዝፍለጡን ኣካል ስርዓተ ምክልኻ ሕማማት ዝኾኑን ወሃዮታት ደም ይብክል። ህልውና ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ደም ንወሃዮታት CD4 የዳኽሞምን የዕንዎምን። ስረዓተ ምክልኻል ሕማማት ከኣ ብግቡእ ኣይሰርሕን። እዚ ድማ ተሰከምቲ ኰይኖም ዝነበሩ ሰባት ብዝቀልጠፈን ዝኸበደን ብዝተፈላለዩ ሕማማት ከም ዝተሓዙን ዝጥቅዑን ይገብር። ካብዚ ሓሊፉ ናብ ኤይድስ ይምዕብል። እዚ ህዋስ እዚ ካብ ደምን እዞም ዝተጠቕሱ ፈሰስቲ ኣካላት ሰብነትን ወጻኢ ዕምሪ የብሉን። ስለዚ ብኤች.ኣይ.ቪ. ክትልከፍ እንተ ኰይኑ ብደምን እዞም ፈሰስትን ኣቢሉ ካብቲ ዝተለኽፈ ሰብ ብቐጥታ ናብ ኣካላትካ ክሓልፍ ኣለዎ። እቲ ብዙሕ ግዜ ዝጥቀስ ቀዳማይ ዝመሓላለፊሉ መንገዲ ከኣ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ብምፍጻም ኢዩ። በዞም ፈሰስቲ ኣካላት ኣቢሉ ይመሓላለፍ። እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ኣብቲ ካብ 5 ክሳብ 10 ሚእታዊት ምምሕልላፍ እዚ ህዋስ ብደም ምኻኑ ዝዝረበሉ ከተተኩር ኢያ።

### ሓደገኛ ኣማሓላለፍቲ መንገድታት ኤች.ኣይ.ቪ.

ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ምምሕልላፍ እዚ ህዋስ ዝርከቡ ሰባት እቶም መርፍእ ብምውጋእ ሻሸሸ ዝወስዱ፣ መድመይቲ ዘልዎምን ተቀበልቲ ደምን ኢዮም። ዘይውሑስ ኣጠቃቅማ መርፍእ ክሳብ 5 ሚእታዊት ናይ ምምሕልላፍ ግደ ኣለዎ (እግረ ጽሑፍ 1 ተወከስ)። ምስ በዚ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ ናይ መርፍእ ምልቅቃሕ ኣብ ዝፍጸመሉ ኵነ ዘይሕጋዊ ሓሸሸ ወይ እውን ኣብ ማእከል ጥዕና ኣብ ዝውግእሉ ግዜ ይመሓላለፍ። ንኣካላት በሲያም ዝኣትዉ ከም መውግኢ መርፍእ ወይ እውን ካልኦት መሳርሕታት ምምርቓሕ ኣብ ዝግበረሉ ክመኽኑ ወይ ከኣ ኣብ ውዑይ ማይ ን20 ደቓይቕ ክጥጠቑ ከም ዝግባእ ኣብ ዓለማዊ መምርሕታት ተሰኒዱ ኣሎ (እግረ ጽሑፍ 2 ተወከስ)። እዚ ድማ ንምኽንሻብ፣ ምውቃጥ፣ ምስቋር እዝኒ ወይ እውን ደረቕ መርፍእ ንምውጋእ ዘገልግሉ መሳርሒታት የጠቃልል። ነቶም መርፍእ ብምውጋእ ሓሸሸ ዝጥቀሙ (Injectin Drug Users) ዝጣበውቕ ኣህጉራዊ ውድብ ጥዕና ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ. ንምክልኻል ክውሰዱ ኣለዎም ዝብሎም ስጉምትታት ኣለዉ። መራፍእ ንምምርቓሕ ዘኽእል መደብ ኣቀሚጡ ኣሎ። ተጠቀምቲ ሓሸሸ መውግኢ መርፍእ ክለቃቕሑን ክመቓርሑን ዘይኰነስ ብቀሊሉን ብነጻን ዝመኽነ ወይ ከኣ ተጠቂምካ ዝድርበ መሳርሒ ክረኽቡ ዘተባብዕ ኢዩ።

ብዝተበከለ ወይ ውጽኢታት ደም ዝግበር ሕክምና ወይ ምሃብ ደም፣ ኤች.ኣይ.ቪ. ከመሓላፍ ይኽእል ኢዩ። ኣብዚ እዋን ኣብ ዝተፈለለየ ክፍላተ ዓለም ዝልገስ ደም፣ ኣብ ጥቅሚ ቅድሚ ምውዓሉ ካብ ኤች.ኣይ.ቪ. ነጻ ምኻኑ ንምርግጋጽ ብቀጻሊ መርመራ ይካየድ ኢዩ። ይኹን እምበር ብዙሓት ሃገራ እዚ ንኽገብራ ሕጽረት ብልሓት ወይ መሳርሒ ኣለወን። ብተወሳኺ፣ እዚ ህዋስ ናብቶም ተቀበልቲ ሰባት ክመሓላለፍ ስለ ዝኽእል፣ ብዝለዓለ ደረጃ ናብ ኤች.ኣይ.ቪ. ዘቃልዕ ባህሪ ዘለዎም ሰባት ማያዊ ክፍሊ ደም (ፕላስማ)፣ ደም፣ ካልእ ኣካል ሰብነትን ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን ክልግሱ የብሎምን። ኣብዚ እዋን እዚ፣ ኣብ ብዙሓት

ሃገራት፣ እዚ ጽኑዕ ምጽራይ ደም ንምምሕልላፍ ብደም ብተዛማዲ ውሑስ ክኸውን ገይርዎ ኢዩ። ይኹን እምበር ብዙሓት ሰባት በዚ ህዋስ ተለኺፎም ኣለዉ። እቲ ድሒሩ ዝወጽአ ሕጋጋትን መምሪሒታትን ከኣ ኣይሕግዞም ኢዩ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን መጠን ብደም ብዝተሓላለፈ ኤች.ኣይ.ቪ ዝተኸፉ ሰባት ልዑል ኲይኑ ዝተራእየሉ ኣብ ቻይና ኢዩ። ናብ The Economist ዝተባህለ መጽሄት ዝጽሕፉ ጋዜጠኛታት ብዝቐረቡዎ ጸብጻብ መሰረት፣ ኣብ 1990ታት ብምትብባዕ ዞባዊ ሓለፍቲ ድኻታት ሰባት ደም ብምሻጥ ተወሳኺ ኣታዊ ንኽረኽቡ ተገይሩ። ብልምዲ ቻይናውያን ደም ምልጋስ ዘዳኽም ኰይኑ ኢዩ ዝርድኦም። ሰበ ስልጣናት ከኣ ነቲ ማያዊ ፈሳሲ ደም መጽዮም ነቲ ዝተረፈ ደም ናብቶ ለገስቲ ብምምላስ ነዚ ኣተሓሳስባ ስዒረሞ። እቲ ዘሕዝን ድማ እቲ ደም ኣብ ሓደ ተኸዚኑ ምንባሩ ኢዩ። እዚ ከኣ እቲ ለጋሲ ደም ካብ ገንኢ ደም ብዙሓት ሰባት እንደ ገና ወሲዱ ማለት ኢዩ። ብዘይምጽራይን መርመራ ኤች.ኣይ.ቪን ማለት ኢዩ። ብሰንኪ ነዚ ፕላስማ ወይ ማያዊ ፈሳሲ ደም ንምውሳድ ዝተገብረ መደብ ብግምት 55,000 ሰባት ብኤች.ኣይ.ቪ ተለኺፎም። ኣብ ልዕሊ እዚ፡ ካብዚ ደም እዚ ኣብ ሆትፒታላ ዝወሰዱ 130,000 ሰባት ሓንቲ ዞባ ተለኺፎም (እግረ ጽሑፍ 4 ተወከስ)። ነዚ ኣብ ህዝባዊ ሕክምና ዝወረደ ኣሰቃቒ ነገር ንምእላይ ማእከላይ መንግስቲ ዝወሰዶ ግብረ መልሲ ድማ ምትእትታው ጽኑዕ ቁጽጽር ኣብዚ ስራሕ ንዝነጥፉን እቶም ዝተለኸፉ ከኣ ብነጻ ንክሕከሙን ኢዩ።

ብዝተሓተ ሓደጋ ኤች.ኣይ.ቪ ዘመሓላልፉ መንገድታት

ብቀጥታ ናብ ብኤች.ኣይ.ቪ ዝተበከል ደም ዝቃልዑ ሰራሕተኛታት ጥዕና ብቁስሊ፡ መርፍእ ወይ ካልእ በሊሕ ነገር ክመሓላለፎም ይኽእል ኢዩ። መጠን ብኸምዚ ዓይነት ዝስዕብ መልከፍቲ ድማ ትሕቲ 0.5 ሚእታዊት ኢዩ። ኤች.ኣይ.ቪ ብከምዚ መንገዲ ዝመሓላለፍሉ ዕድል ትሑት እኳ እንተ መሰለ፣ እዞም ሰራሕተኛታት እዚኣቶም ንምድሓን ዝውሰዱ ሓያለ መከላኸሊ ስጉምትታት ኣለዉ። ንኣብነት፡ ድሕር እዚ ሓደጋ ምግጣሙ ቀረብ ጸረ ኤይድስ ሕክምና ዝረኽብሉ ምግባር ኢዩ።

ምስ ተሰከመቲ ኤች.ኣይ.ቪ ዝኾኑ ኣባላት ስድራ ቤት ብምንባር ንክመሓላለፍ ዘሎ ተኽእሎ ሓደጋ ትሑት እኳ እንተ ኰነ ንምክልኻሉ ጥንቃቐ ምግባር ቀሊል ምኻኑ ማእከል ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ይምሕጸን። ምትንኻፍ ደም፡ ክፉት ቁስሊ፡ ደም ዘለዎ ውጽኣት ወይ ተምላስ ነዚ ቫይረስ ከሰራጭዉዎ ይኽእሉ ኢዮም። ንምክልኻሉ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታት ቁስሊ ብንጹህ ጨርቂ ወይ ፋሻ ምሽፋንን ፕላስቲክ ጓንቲ ወይ ፕላስቲክ ከረጺት ኣብ ኢድ ምውዳይን የጠቃልል። ብተወሳኺ፡ ኣእዳው ብቀጻሊ ክሕጸብ ግድን ኢዩ። መጽረይ ስንን መላጸን ዝኣመሰሉ ነገራት ብቀጻሊ ምልቅቓሕ ምትንኻፍ ደም ክፈጥር ስለ ዝኽእል ክውገድ ኣለዎ።

ኣፍካ ከይከፈትካ ዝግበር ወዝባዊ ምትንኻፍ ወይ ምስዕዓም ኤች.ኣይ.ቪ ንክመሓላለፍ ጠንቂ ሓደጋ ኣይከውንን ኢዩ። ምትንኻፍ ደም ምስ ደም ስለ ዘየብሉ ኣፍካ ከፊትካ ብዝግበር ምስዕዓም ዝስዕብ ሓደጋ እውን ትሑት ምኻኑ ይእመን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ ምልክት ምምዕባል ኤይድስ ኣብ ኣፍ ኣብ ዝረኣየሉ፣ መድመይቲ ግርጻን ክህሉ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፣ ኣብ ኣፍ ክህሉ ዝኽእን ምትንኻፍ ደም ምስ ደም ንዝለዓለ ሓደጋ ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ከቃልዕ ይኽእል ኢዩ። ማእከል ምቁጽጽር ሕማማት ኣብ 1997 ዳህሲሱን ኣጽኒዑን ዝዘገቦ ተመሳሳሊ ሓበሬታ፣ ምንካስ እውን ኤች.ኣይ.ቪ ብደም

ዝመሓላለፈሉ ሓደ ተርእዮ ኢዩ። ኣብ እዞም ክልተ ተርእዮታት እዚኣቶም መድመይትን ክቱር ቃንዛን ፅንወትን መትንታትን ከም ጠንቂ ተዘሪቦም ኣለዉ (እግረ ጽሑፍ 6 ተወከስ)። ይኹን እምበር ሓያለ ዝተሰነዱ ተርእዮታት መንከስቲ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ ኣየስዓቡን። ስለዚ ከኣ ምንካስ ልሙድ መንገዲ ምምሕልላፍ እዚ ህዋስ ዘይምኳኑ ኢዩ። ይኹን እምበር ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ግምት ብምእታው ክልቲኦም ጉዳያት ኣቓልቦ፡ ሕክምናን መርመራን የድልዮም ኢዩ።

## ጽውጽዋይ መንገድታት ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ

ኤች.ኣይ.ቪ፡ ብደም ዝመጽዩ ለመምታ ምድርን ብመንከስቲ ጣንጡ ዓሶን ዝመሓላለፍ ከይከውን ስፍሕ ዝበለ መጽናዕታታት ተገይሩ ኢዩ። ኣብቲ ዝለዓለ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ ዘለዎ ይኹን ዝበዝሐ ቁጽሪ ለመምታ ዝርከብሉ ከባቢታት ምልባዕ እዚ ቫይረስ ኣይተመዝገበን። ስለዚ ድማ ክኢላታት ኤች.ኣይ.ቪ ብለመምታ ምድሪ ከም ዘይምሓላለፍ ደምዲሞም ኣለዉ (እግረ ጽሑፍ 7 ተወከስ)። እቲ ቀዳማይ ምኽንያት እዚ ክኸውን ዝኽኣለሉ ከኣ ዝናኸሱ ለመምታ ምድሪ ክናኽሱ ከለዉ ዘዘርቁዎ ምራቕ ደኣ እምበር ደም ኣይኮነን። ምራቕ ከም ዓሶ ወይቦን ዝኣመሰሉ ሕማማት ከመሓላልፍ ይኽእል ኢዩ። ምትንኻፍ ደም ምስ ደም ስለ ዘይጋጥም ግና ለመምታ ምድሪ ክነኽሱ ከለዉ ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ኣየጋጥምን ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ህዋስ ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ንብዓት፡ ረሃጽ፡ ሽንትን ብሳናቡእ ዝንጸጉ ፈሳስትን እኳ እንተ ተረኽበ፣ ኤች.ኣይ.ቪ ብምትንኻፍ ተመሓላሊፉ ተባሂሉ ፈጺሙ ኣይተመዝገበን።

## ኣገባባት ምክልኻል

እዚ ጽሑፍ እዚ ካብ ዝዳህሰሶም ቀንዲ ኤች.ኣይ.ቪ ናብ ጥዕይ ሰብ ዝመሓላልፉ መንገድታት ሓደ ደም ምስ ደም ብምትንኻፍ ኢዩ። ከምኡ እውን ብከመይ ኣገባብ ኤች.ኣይ.ቪ ትከላኸሎን ካብ መልከፍቲ ትድሕንን ይጠቅስ። ጸቒጥካ ንምልባው ዝኣክል፣ ኣብ ዝኾነ ሕክምናዊ ስራሕ፣ ዝተለገሰ ደም ቅድሚ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ ግድን ምጽራይ። ዝመኸኑ መራፍእን ካልኦት በላሕቲ መሳርሒታትን ቅድሚ ምጥቃም ኣድላይነቶም ምርግጋጽን ብኣገባብ ምሓዝን ኣድላዪ ኢዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ኩሎም ንምቁራጽን ምውጋእን ቆርበት ዘገልግሉ መሳርሒታት ብኣገባብ ከመኸኑን ድሕር ምጥቃም ከኣ ቈልዑ ክረኽብዎ ኣብ ዘይክእሎ መጉሓፊ ክኣትዉ ይግባእ።

ኣህጉራዊ ውድብ ጥዕናን ካልኦት ትካላትን ላሕምን ሓደስቲ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪን ይከላኸሉ ኣለዉ። እዚ ድማ መርፍእ ብምውጋእ ሓሽሽ ዝወስዱ ሰባት ብምሕካም፣ ዕዉት ዝኾነ መደብ ምልውዋጥ መርፍእ ብምትእትታውን ተጠቂምካ ዝድርበዩ መሳርሒታት ብምዝርጋሕን ኢዩ። እዚ ተበግሶ እዚ፡ ነቲ ርዱእ ብቀጻሊ ዝምዕብል ሓደገኛን ክፉእን ቫይረስ፣ ዘይሕጋዊ ምጥቃም ሓሽሽን ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብን ብፍላይ ኣብ ኣመንዝራነት ንምግታእ ሓጋዚ ኢዩ። ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ ኰይኖም መርፍእ ብምውጋእ ሓሽሽ ዝወስዱ ሰባት ገንዘብ ክረኽቡ ኢሎም ኣብ ዝሙት ክኣትዉ ተኽእሎ ኣሎ። ኣመንዝራታት እውን ንክወሃሃዱ ክብሉ መድሃኒት ይወስዱ ይኾኑ። እዚ ዓይነት ዑደት ሂወት ከኣ ነቶም ኣብ ዝለዓለ ምምሕልላፍ ሓደጋ እዚ ቫይረስ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት የተኣሳስሮም። ቁጽሪ ኣብዚ ዓንኬል እዚ ዘለዉ ሰባት ይሰፍሕ። ስለዚ ከኣ ምልባዕ ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ሃገራት ይዛይድ። ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ብደም ካብ 5 ክሳብ 10 ሚእታዊት እኳ እንተ ኾነ ክርሳዕ ዘየብሉን ኣቓልቦ ዘድልዮም ጉዳይን ኢለ እድምድም። ነዚ ብዓለም ደረጃ ዝላባዕ

**ዘሎን ዝተሓላለኸ መርበባዊ ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪን ንምግታእ ነብሲ ወከፍ መመሓላለፊ መንገዲ ክምከት ኣለዎ። ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ዘሎ ኣመለኻኽታ፡ ባህርያት ሰባትን ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ዘቀላጥፉ ፖሊሲታት ኣጠቃቅማ ደምን ንርዱእ ምኽንያት ብቅልጥፉ ክልወጡ የድሊ።**